*Keeping sport fun and safe*

Tigrigna

# ብስፖርት ናየ መዘናግዕን

# ሓልዮት ናይ ሓለዋን ምግባር

ኣብ መንእሰይ ስፖርት ክለባት ምሕዝነታዊ ፀወታ ንምግባር ዘድልይ ናይ ኣካይዳ ደንቢታት



እዞም ናይ ኣካይዳ ደንቢታት ብቪክቶሪያ ናይ ስፖርትን መዘናግዒ ሚኒስተር ቅቡልነት ዘለዎን ምስናይ ቪክቶርያ መንእሰይ ስፖርት ጉጅለ ብመምይያጥ ዝወጸ እዩ።

State Government Victoria
Department for Victorian Communities

# ስፖርት ናይ መዘናግዕን ሓልዮት ሓለዋን ምግባር

## ናይ መንእሰይ ስፖርት ክለባት ፅወታን ድሕንነት እንታይ ማለት እዩ?

- **ማሕበረሰብ** — ንኡሳት ተፃወቲ ምስ ኣዕሩኽቲን ስድራቤተኩምን ዝራኸቡሉ ቦታ መሲሉ ክስምዖም።
- **ዘሕጉስ ቦታ** — ትኩረት ንምሕጓስ፣ ተሳትፎን ብኣካል ቅልጡፍ ንምኳን እምበር ከተሸንሉ ቦታ ጥራይ ኣይኾነን።
- **ዘየፍርሕ ናይ አካል መንቐሳቐሲ ከባቢ** — ትኽኽለኛ ዝኾነ መሳርሒ፣ ናይ ቐዳማይ ሓገዝ ዘውሃበሉን ፅቡቅ ሕንፃን ናይ መፃወቲ ስፍራ ዘለዎ ይኸውን።
- **ድሓን ናይ ማሕበራዊ ማካየዲ ከባቢ** — አልኮሆል፣ ናይ ሓደገኛ ዕፀ ምውሳድን ብዛዕባ ሕፃን መከላኸሊን መጥቃዕቲ ዝምልከት እቲ ክለብ ፖሊሲታትን ናይ ኣሰራርሓ ሜላ ይነብሮ እዩ።
- **ድሓን ናይ ባህሕላዊ ማካየዲ ከባቢ** — ምፅዋርን ንኩሉ መንእሰያት ፅቡቅ ኣቐባብላ ንምግባር እቲ ክለብ ፖሊሲታትን ናይ ኣሰራርሓ ሜላ ይነብሮ [ንኣካልጎደሎ ዝኾኒ ደቂኣዲ መንእሰያት ዘጠቓልለን ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለዩ ባሕሊታትን ቋንቋታት ዝዛረቡ ካልእ ኣዲታት ዝመጹ'ውን የጠቓልል እዩ]።

*ብንኡስ ስፖርት መዘናግዒ ክለብ ንምፅዋት ጥንቃቐ ንምግባር ብናይ ግቡዕ ኣፈፃፅማ ደንቢ ንምኽታይ የግድድ እዩ።*

## ናይ ጠባይ ደንቢታት ዘድልይ ኒዞም ዝስዕቡ ይኸውኑ

- ተፃወቲ
- ወለዲን ተመልከቲን
- ኣሰልጠንቲን መምሃራን
- መተሓዳደርቲ
- ሰብስልጣናት
- መራኸቢ ብዙሃን

## ናይ ኣፈጻጽማ ደንቢታት ቐንዲ ዕላማ ከምዝስዕብ ይኸውን፥

- ንኡስ ስፖርት ንምስሓቅ ክኸውን ኣለዎ
- ንኡስ ስፖርት ብጥንቓቐ ክኸውን ኣለዎ
- ንኡስ ስፖርት ብኣገባብ ክኸውን ኣለዎ
- ንኡስ ስፖርት "ደረጅኡ ተሑት' ንዝኾነ ክኸውን ኣለዎ



ናይ ኣውስትራሊያ ስፖርት ውክልና ካብቲ ብዙሕ ሃገራዊ ናይ
ጠባይ ደንቢታት ንኸነባዝሕ ኣፍቂዳትልና።

መስከረም/ሴብቴምበር 2003 ዓ.ም

# ተፃዋታይ

- ደንቢታት ተኸቲልካ ምፅዋት
- ምስ ሰበስልጣን ዘይምኽርኻር። ከብርሃልካ ተደልዮ ነገር እንተሃልዩ በቲ ካፒቴን፣ ዘስልጥን ወይካዓ በቲ ኣካያዲ ኣብ እረፍት እዋን ወይካዓ እቲ ውድድር ከውዳእ እንከሎ ነቲ ስበስልጣን ከዘረርብ ምግባር።
- ንባዕልኻን ነቲ ጋንታኻ ከተብል ከምካልኦት ከትፅእር ኣለካ። ናይ ጋንታኻ ፀወታ ኣፈጻጽማ ኣገዳሲ ስለዝኾነ – ከተብርትእ ኣለካ።
- ፅቡቅ ናይ ስፖርት ፀወታ ይኹን። ብናትካ ወይካዓ ብመጋጠምቲ ጋንታታት ንዝግበር ፅቡቅ ፀወታ ብምጭብጫብ ምግላፅ እዩ።
- ንተወዳደርቲን ሰበስልጣን አኽብሮትን መምስጋን [ንኣብነት ቅድሚ ፀወታን ብድሕሪኡ ብጨብጨባ ምግላፅ ከምኡ’ውን ‘ጽቡቅ ዕድል’፣ ‘ነቲ ፀወታ ነምስግን’፣ ‘ነቲ ዳኛ መምስጋን’ በርትኡ ብምባል ወዘተ. ሓሳብካ ምግላፅ]።*
- ምስዘስልጥነካ፣ ምስደቂ ጋንታኻ ከምኡ’ውን ምስተወዳደርቲ ምትሕብባር እዩ። እዚ ከይፈጸምካ እቲ ውድድር ዋጋ የብሉን።
- ንወለዲን ዘስልጥኑ ከተሕጉስ ከይኾነ ንባዕልኻ ስራሕን ጥቅሚ ኢልካ ምስታፍ እዩ።
- ብግቡዕ ምፅዋት - ንሰበስልጣናት ዘይምፅራፍ፣ ናይ ካልኦት ተፃወቲ ስም ዘይምፅላም [መወረድ] ወይካዓ ነቲ ተወዳዳሪ ኾነ ኢልካ ምድንቓፍ ወይ ከኹሪ ምግባር።
- ብጾታ፣ ብክእለት ዓቅሚ፣ ብባህላዊ ኣመፃፅኣ፣ ወይካዓ ብሓይማኖት ከይፈለይኻ ንኩሉ ተሳታፊ መሰሉ፣ ከብሩን ዘለዎ ረብሓ ከሕልወሉ ይግባዕ።




# ወለዲ ን ተመልካቲን

- ሕፃውንቲ ብስፖርት ፀወታ ዝሳተፉ ንባዕሎም ከሕጎሱ እምበር ንዓኹም ኢሎም ከምዘይኾነ ከትፈልጡ ኣለኩም።
- ኩልግዜ ሕፃውንቲ ከፃወቱ እንከሎ ደንብታት ከኽተሉ ከምዘለዎም ምትብባዕን ዝኾነ ዘይምርድዳእ ከፍጠር እንከሎ ቅድሚ ምግርጫው መፍትሂ ንምርካብ ምፍታን እዩ።
- ሕፃውንቲ ከጋገዩ ወይ ከሸነፉ እንከሎ ዘይምስሓቅ ወይካዓ ዓው ኢልካ ዘይምዝራብ።
- ብሰበስልጣን ዝውሃብ ውሳነ ቅቡል ምግባርን ሕፃውንቲ’እውን ነዚ መገዲ ከኽተሉ ምሕባር እዩ።
- ብድሌቶም ንዘስልጥኑ፣ ንሰበስልጣናትን ኣማሓዳዳሪ/ኣካይዲ ኣድንቀት ምሃብ።
- ብውልቀሰባትን ብጋንታታት ንዝግበር ፅቡቅ ኣፈጻጽማን ጻዕርታት ደገፍ ብምጭብጫብ ምግላፅ። በቲ ዝረኸብዎ ውጺኢት ከይኾነ ነቶም ተሳተፍቲ ናይ ሓጓስ መግለጺ ምግባር እዩ።
- ብተመልካቲ፣ ኣሰልጣኒ፣ ሰበስልጣን ወይካዓ ብተጸዋቲ ጎነጺ ምፍጣር፣ ምጽራፍ ወይካዓ ሱም ምፅላም ኩነታት ከይፍጠር ምኩናን።
- ኣልኮሆል ብምጥቃም ኃላፊነት፣ ብዛዕባ ሕፃን ምክንኻን ከምኡ’ውን በቲ መዘናግኢ ኣፈጻጽማ ዘበረታትኡ ሓደገኛ ዕፀታት ዝምልከት ፖሊሲን ኣሰራርሓ ሓገዝ ይግበር እዩ [ምሳለ ብምሃብ]።*
- ሓገዝ ዝውሃብ ብዝተመሓይሹ ደንቢታት፣ ፀወታታትን ካልኦት ብናይ መንእሰይ ዕቤት መርሓግብሪታት ይኸውን።*
- ብጾታ፣ ብክእለት ዓቅሚ፣ ብባህላዊ ኣመፃፅኣ፣ ወይካዓ ብሓይማኖት ከይፈለይኻ ንኩሉ ተሳታፊ መሰሉ፣ ከብሩን ዘለዎ ረብሓ ከሕልወሉ ይግባዕ።

*ምልከታ፥ ብዘይ ናይ ኮከብ ምልክት ዘለዎ ደንቢታት ዝወፅእ ብኣውስትራሊያ ስፖርት ኮሚሽን ይኸውን።*



Victoria
The Place To Be

# ናይ ጠባይ ደንቢታት

AUSTRALIA
Australian Sports Commission



## ኣሰልጣኒን መምሃራን

- መንእሰይ ተሳትፎ ዝገብሩ ንባዕሎም ክሕጎሱ ክኸውን ምስዓሮም ድማ ካብቲ ሓጓሶም ሓደ ክፍሊ ጥራይ ክምዝኾነ ክፈልጡ ይግባዕ።*
- መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ፀወታ ኃላፍነትን ስፖርትታት ተሳትፎ ክፍትኑ ዕድል ምሃብ።*
- ተሳተፍቲ ግቡዕ ናይ ስፖርት ፀወታ ባህሪ ክምሃሩን መሰረታዊ ዝኾነ ክእለት ክነብሮም ዕድል ምሃብ ይኸውን።*
- ኣብፅቡቅ ዝተዳለወ ውድድር ብናጸ ፀወታ ምግባር፣ ናይ ስፖርት ክእለት ክንመሓየሽ ግቡዕ ዝኾነ ናይ ስፖርት ኣካይዳ ባህሪ ብቐዳምነት ምሃብ።*
- ንኣሰልጣኒ ዝውሃብ ልምምድን ክእለት ክምኡ’ውን ናይ ኣካል ጥንካረ ኣሰራርሓ እዋናዊ ምግባር።
- ንኩሉ ባህላዊ ኣሰራርሓ ዝሰማማዕ ክባቢ ምፍጣር።
- መንእሰያት ነቲ ደንቢ ተኸቲሎም ክፃወቱ ኃላፍነት ክምዘለዎም ምሕባር።*
- መንእሰያት ከም ኣማሓዳሪ፣ ኣሰልጣኒ፣ ከምዳኛን ተፃዋታይ ኾይኖም ክሳተፉ ምትብባዕ እዩ።*
- ብናትኩም ስፖርት ዝወፀ ደንቢን ስርዓት መሠረት ምስራሕ ክምኡ’ውን ካልእ ተፃዋታይ እዚ ክኽተል ክምዘለዎ ትምህርቲ ምሃብ።*
- ምስ ሰበስልጣናት ተሓት ኾይንካ ረኺቢ ምፍጣር።*
- ምስ መንእሰያት ዝግበር ናይ ኣካል ምንኽካእ ብኣግባቡን ነቲ ተፃዋታይ ሞያ ዕቤት ንምኳኑ ምርግጋፅ የድልይ እዩ።
- ንስፖርት ደህንነት ጠቓሚ ዝኾነ ፖሊሲን ልምምድን ክኻየድ ምግባር።*
- ኣልኮሆል ብምጥቃም ኃላፊነት፣ ብዛዕባ ሕፃን ምክንኻን ክምኡ’ውን በቲ መዘናግኢ ኣፈጻጽማ ዘበረታትኡ ሓደገኛ ዕፀታት ዝምልከት ፖሊሲን ኣሰራርሓ ሓገዝ ይግበር እዩ [ምሳለ ብምሃብ]።*
- ናትኩም ተፃወቲ ንዝብልዎ ምስማዕን ንዝጥፍእዎ ግዘ ንቅድሚት ብተመኩሮ ዋጋ ክምዘለዎ ምርግጋፅ እዩ።
- ብጾታ፣ ብክእለት ዓ«ሚ፣ ብባህላዊ ኣመፃፅኣ፣ ወይካዓ ብሓይማኖት ክይፈለይኻ ንኩሉ ተሳታፊ መሰሉ፣ ክብሩን ዘለዎ ረብሓ ክሕልወሉ ይግባዕ።

## ሰብስልጣን

- ንናይ መንእሰያት ክእለት ደረጃ ንምውድዳር ነቲ ደንቢታት ተግባራዊ ብምግባር ክሳተፉ እንከሎ ብዝበለፀ ክሕጎሱ ይኽእሉ።
- ንኩሉ ተሳታፊ ምንኣድን ምትብባዕን - መንእሰያት ብርዕሶም ምትእምማን ክነብሮም ንስኩም ቀንዲ ምሳለን መሰረት ክምዝኾንኩም እዩ።
- ውሳኔ ክትህቡ ዘየጠራጥርን ዘተኣማምን ክኸውን ኣለዎ።
- ቅቡል ዘይኾነ ጠባይ ጠጠው ብምግባር ንኩሉ ተፃዋታይ ክብሪ ምሃብ የድልይ።
- ንመንእሰያት ዕቤትን መምሕያሽ ተባሁሉ ዝወፀ ኣሰራርሓ እዋናዊ ምግባር።
- ተሳትፎ ንዝገብሩ ድሕንነትን ክንክንን ቀድሚያ ምሃብ።
- ኣገዳሲ ብዝኾነ ስፖርት ድሕንነት ፖሊሲን ልምምድን ንዝነብረኩም ናይ ስራሕ ኃላፍነት ጋሻ ዘይምኳን።*
- ንኩሉ ባህላዊ ኣሰራርሓ ዝሰማማዕ ክባቢ ምፍጣር።*
- ኣልኮሆል ብምጥቃም ኃላፊነት፣ ብዛዕባ ሕፃን ምክንኻን ክምኡ’ውን በቲ መዘናግኢ ኣፈጻጽማ ዘበረታትኡ ሓደገኛ ዕፀታት ዝምልከት ፖሊሲን ኣሰራርሓ ሓገዝ ይግበር እዩ [ምሳለ ብምሃብ]።*
- ናይ መገልገሊ ኣቅሑትን መሳርሒታት ኣብ ፅቡ« ደረጃ ንምኳኖም ምርግጋፅ ክምኡ’ውን ኩሉ ተፃዋታይ ክም ዕድሚኡን ክእለቱ ብዝሰማማዕ መገዲ ንምኳኑ ምርግጋፅ እዩ።*
- ብጾታ፣ ብክእለት ዓ«ሚ፣ ብባህላዊ ኣመፃፅኣ፣ ወይካዓ ብሓይማኖት ክይፈለይኻ ንኩሉ ተሳታፊ መሰሉ፣ ክብሩን ዘለዎ ረብሓ ክሕልወሉ ይግባዕ።*

*ምልክታ፡ ብዚይ ናይ ኮከብ ምልክት ዘለዎ ደንቢታት ዝወፅእ ብኣውስትራሊያ ስፖርት ኮሚሽን ይኸውን።*



# ናይ ጠባይ ደንቢታት

Victoria The Place To Be
Australian Sports Commission

# ኣመሓደርቲ

- ንኩሉ ተሳታፋይ ማዕርነት ዘለዎ ምቹእ ዕድል ብምሃብ በቲ ክለብ ዝበለፀ ናይ ውድድር ኩነታት ክነብር ምግባር።*
- መንእሰያት ስፖርት ክፃወቱ ጥራይ ከይኮነስ ተሳትፎ ምእንታን ተሳትፎ ክገብሩ መንገዲ ምፍጣር፤ ንኣብነት ከም ዳኛ ኣመሓዳሪ ወዘተ. ብምኳን ተሳትፎ ምግባር።
- እቲ ናይ ፕሮግራም ዓይነት፤ ደንቢታት፤ መሳሪያታት፤ እቲ ፀወታን ስልጠናን ዝወስዲ ግዘ ምስ እቶም መንእሰያት ተፃወቲ ዕድመ፤ ክእለትን ብስለት ደረጃ ክመጣጠን ኣለዎ።
- ንመንእሰይ ተፃዋታይ ዝኸውን ፅሬትን ቁፅፅር ዘለዎ መምረሒ ምድላው ከምኡ’ውን ብፍቓዶም ንዝሰርሑ ግቡዕ ስልጠና ንምርካቦም ምርግጋፅ ይኸውን።
- ኣሰልጠንቲን ሰበስልጣናት ዝልኣለ ናይ ኣቐራርባ ባህሪ ክእለት ከማሓይሹ ምጥቃም ይኸውን።*
- ኩሎም ተወዳደርቲ ፅቡ« ፀወታ ክርእዩ እምበር ክሸንፉ ጥራይ ከምዘይኮነ ምርግጋፅ።
- ንተመልከቲ፤ ሰበስልጣናት፤ ወለዲ፤ ኣሰልጠንቲ፤ ተፃወቲን ናይ ሜዲያ/ዜና ወኪላት ብዛዕባ ናይ ጠባይ ደንቢታት ዝገልፅ ጥራዝ ወረቐቲ ብምሃብ በቲ ፅሑፍ መሰረት ክኸታተሉ ንምግባር ምትብባዕ ይኸውን።
- ኣድላይ እንተኾይኑ ነቲ አፈፃፅማ ስርዓት ወረቐቲ ኣባዚሒ ንኻልኦት ፈቓደኛታት ይእደል እዩ። እዚ’ድማ ነቲ ጋንታ ኣመሓዳሪ፤ ንስፖርት አሰልጠንቲን ኣብ ሓደጋ እዋን ብቐደምት ሓገዝ ውሃብቲ ሰራሕተኛታት ዘካተተ ይኸውን።*
- ንስኩም ከምኣብነት ከምዝኾንኩም ምፍላጥ። ናትኩም ጠባይ/ባህሪ ከምኡ’ውን ሓሳብ ሓጋዚ ተቓውሞ ዘይብሉ ክኸውን ኣለዎ።
- ብድሌቶም ክሠርሑ ዝኽእሉ ብምምራፅ ከምኡ’ውን ካልኦት ናይ ሕፃን መከላኸሊ ሜላ ብምንዳፍ ብዝበለፀ ናይ ሕፃውንቲ ድሕንነት ክሕለው ምግባር እዩ።*
- ኣልኮሆል ብምጥቃም ኃላፊነት፤ ብዛዕባ ሕፃን ምክንኻን ከምኡ’ውን በቲ መዘናግዒ ኣፈጻጽማ ዘበረታትኡ ሓደገኛ ዕፀታት ዝምልከት ፖሊሲን ኣሰራርሓ ሓገዝ ይግበር እዩ [ምሳለ ብምሃብ]።
- ኣገዳሲ ብዝኾነ ስፖርት ድሕንነት ፖሊሲን ልምምድን ንዝነብረኩም ናይ ስራሕ ኃላፍነት ምውህሃድ።*
- ንኩሉ ባህላዊ አሰራርሓ ዝሰማማዕ ከባቢ ምፍጣር።*
- ናትኩም ተፃወቲ ኣብ ውሳነ፤ ኣብ ነድፍታትን ኣብ ጉዳይ ናይ ክለብ ክኻፈሉ ምግባር።*
- ብጾታ፤ ብክእለት ዓ«ሚ፤ ብባህላዊ ኣመፃፅኣ፤ ወይካዓ ብሓይማኖት ከይፈለይኻ ንኩሉ ተሳታፊ መሰሉ፤ ክብሩን ዘለዎ ረብሓ ክሕልወሉ ይግባዕ።



# መረኸቢ

- ብመንእሰያት ዝግበር ውድድርን ንክትወዳደር ዘይኾነ ስፖርቲ ከምኡ’ውን ብናት ዓበይቲ ሰባት ዝግበር ስፖርቲ ሪፖርት ንምግባር ምትብባዕ።
- ኣብሞንጎ ዓበይቲ ሞያተኛ ዝግበር ስፖርቲ ከምኡ’ውን ኣሞንጎ መንእሰያት ዝውሃብ ዝተመሓየሸ ናይ ስፖርቲ ፕሮግራም ዘሎ ኣፈላለዩ ኩነታት ምፍላጥ።
- ኣገባብ ብዘይብሉ ናይ ስፖርት ኣፈጻጽማ ንሓደጋ ዘይምትኳር።
- ብመንእሰያት ዝግበር ፅቡ« ፀዋታን ጻዕሪን ኣትኩሮ ምሃብ።
- ንመንእሰይ ተፃዋቶ ከቢድ ኩነታት ክገብሩ ዘይምፅባይ። ኢዚ’ውን ንኡሳን ሞያተኞታት ስለዘይኾኑ እዩ።
- መንእሰያት ብስሩዕ ስፖርት ፀወታ ክሳተፉ ዘሎ ፀገማት ምግላፅን ሪፖርት ምግባር የድልይ እዩ።
- መንእሰያት በቲ ዝኽእልዎ ክእለት ምጥማት እምበር ብዘይክእልዎ ጉዳያት ኣይኹን።
- ኣብ ፍልይ ዝበለ ዓይነት ስፖርት ነቲ ልሙድ ናይ ደቂኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝፈላለ ርዕይቶ ምውጋድ።
- ብኣወዳትን ደቂኣንስትዮን ዝግበር ስፖርት ማዕሮ ግዘን ቦታ ምሃብ እዩ።
- ብጾታ፤ ብክእለት ዓ«ሚ፤ ብባህላዊ ኣመፃፅኣ፤ ወይካዓ ብሓይማኖት ከይፈለይኻ ንኩሉ ተሳታፊ መሰሉ፤ ክብሩን ዘለዎ ረብሓ ክሕልወሉ ይግባዕ።



ምልክታ፧ ብዘይ ናይ ኮከብ ምልክት ዘለዎ ደንቢታት ዝወፅእ ብኣውስትራሊያ ስፖርት ኮሚሽን ይኸውን።

## ናይ ጠባይ ደንቢታት

Victoria
The Place To Be

AUSTRALIA
AUSTRALIAN SPORTS COMMISSION

# ምዝንጋዕ ከምኡ'ውን ጥንቃቐ ንምግባር መረጋገፂ

## ናትኩም ክለብ፡

- ቅድሚ ምስዓር ብዛዕባ እቲ ፀወታ ትኩረት ይህብ'ዶ?
- ንክለብ ተሳታፋይ ብዛዕባ ኣፈፃፅማ ስርዓት ዝገልፅ ፅሑፍ ወረቐት ይህብ'ዶ? ብዝበለፀ ናይ ኣፈፃፅማ ፅሑፍ ወረቐት ኮፒ ቅዳሕ ንምርካብ ንቪክስፖርት/VicSport ብስልኪ 9654 3755 ምሕታት ወይካዓ ብዌብሳይት www.vicsport.asn.au ምርካብ ይካኣል። ከምኡ'ውን ኣብ ቪክቶሪያ ስፖርትን መዘናግዒ ብስልኪ 9666 4282 ምድዋል ወይካዓ ብዌብሳይት www.sport.vic.gov.au ምርኣይ ወይካዓ ኣብቲ ግዝዓት ንዘሎ ናይ ማሕበር ሓቲትካ ምድላይ ይኽውን።
- ዳተፃዋቶ ብዘለዎም ከእለት ከይፈለይኻ ማዕረ ናይ ፀወታ ግዜ ንምርካብ 'ኣገባብ ዘለዎ' ናይ ኣካይዳ ፖሊሲ ብምድላው ፃእሪ ጌሩ'ዶ? ምሳለታት ንምርካብ VicSport ኣዛርብ።
- ኣብዝተፈላለየ ኩነታት ዘለው ንኡሳን ተሳተፍቲ ብትዕግሰቲን ብፅቡቅ ኣቐባብላ ይገብር'ዶ? ከምዚ ድኣ ዘመሰሉ ኩነታት ሓፈሻዊ መረዳእታ ንምርካብ፡
    - ንወዲኣዲ ስብ ዝጠቅለል ተጻዋውርነትን፣ ኣብ ከባቢ ተቀባልነትን ኣብዝተፈላለየ ኩነታት ዶ'ኣሎ? ነዚ ምጥቓላል መደገፊ ከተዛርብ ብቪክቶሪያ ስፖርትን መዘናግዒ ናይ ማሕበረሰብ መገልገሊ ክፍሊ (Community Access Unit, Sport and Recreation Victoria) — ብስልኪ 9208 3441 ምድዋል ወይካዓ ብዌብሳይት www.sport.vic.gov.au;
    - ንዝተፈላለየ ዓሌትን ሓይማኖት [ካብ ብዙሕ ባሕሊ ዘለዎ ኣዲ ዝመፁ መንእሰያት] ከተዛርብ ብመንእሰያት ጉዳይ ናይ ብዙሕ ባሕላዊ (Centre for Multicultural Youth Issues) — ብስልኪ 9349 3466 ምድዋል ወይላዓ ብዌብሳይት www.cmyi.net.au ምርኣይ።
    - ኣካለንደሎ ንዝኾኑ ሰባት ከተዛርብ እንተደሊኻ ንኣካለንደሎ ትምህርቲ ፕሮግራም Disability Education Program — ብስልክ 9378 3471ደዊልካ ምዝሬብ እዩ።
- ነቶም ኣባላት ድሕንነት ከብሃል ካብ ህውከትን ባእስን ናጻ ይገብር'ዶ? ኣባላት ኣብ መስመር እንዳሓለዉ ንምክልኻል ስልጠና ንምግባርን ንናይ መረዳእታ ውዛቢ ማእከል ብዌብሳይት www.playbytherules.net.au ምርካብ ይኻኣል።
- ብዛዕባ ኣልኮሆል ዘሎ ፖሊሲ ኃላፍነት ምውሳድን ኣድላይ እንተኾይኑ ኣብ መዘናግዒን ትርኢት ኣብዝካየደሉ እዋን ብዛዕባ ሓደገኛ ዕፀ ዝነብር ፖሊሲ መረዳእታን ሓበሬታ ንምርኻብ ብኣውስትራሊያ ናይ ሓደገኛ ዕፀ ፋውንዴሽን (Australian Drug Foundation) – ብስልኪ 9278 8100 ምድዋል ወይካዓ ብዌብሳይት www.adf.org.au ምርኣይ።
- ኣሰልጠንቲ፤ ሰበስልጣናትን ብድሌቶም ዝሰርሑ ኃላፍነቶም ከማልኡ ዘኽእሎም ግቡዕ ዝኾነ ስልጠና ንምርካቦም ኣረጋጊፁ'ዶ? መረዳእታን ምኽሪ ንመርካብ ኣብ ቪክቶሪያ ናይ ስፖርት ትምህርቲ Sport Education Victoria ብስልኪ 9290 8356 ምድዋል።.

## እቲ ክለብኩም በዚ ዝስዕብ ኩነታት ዝተዛመደ ናይ መንእሰይ ስፖርት ድሕንነት ፖሊሲን ናይ ኣሰራርሓ ሜላ ኣለዎ'ዶ?

- ቐዳማይ ሓገዝን ናይ ጉድኣት ኣታሓሕዛ?
- ብማይ ምጥልቃይን ንፀሓይ ምድላው?
- ናይ ሕክምና ታሪክ?
- ናይ መፃወቲ ኣቕሑትን ናይ መከላኸሊ መሳርሒታት?
- መተሓላለፊን ናይ ፀወታ ቦታ ድሕንነት?
- ንተፀዋቶ ውሕስና ኢንሹራንስ?
- ኣብ ሓደጋ እዋን ውጡን መደብ [ፀገም ክፍጠር እቲ መደብ ኣብተግባር ምውዓል]?

ናይ መንእሰያት ስፖርት ፀወታ ድሕንነት መምርሒ፤ ናይ ፖሊሲ ምሳለታትን ካልኦት ግቡዕ መረዳእታ ንምርካብ ስማርትብለይ (Smartplay) – ብስልኪ 9654 7733 ምድዋል ወይካዓ ኣብ ዌብሳይት www.smartplay.com.au ምርኣይ።

## ብግዓትካ ዘሎ ማሕበሬት ዳህሲስካ ኔርካ'ዶ?

እዞም ፖሊሳት ከነብሮም ስለዝኽእል ሲልኪ ደዊልካ ምርግጋፅ እዩ።



Cartoons by Andrew Anson

Victoria
The Place To Be